# ታሪኹ ብዝግብእ ዘይፈልጥ ክብረት የብሉን

ታሪኽካ ዘይምፍላጥ ነቶም ከም ህዝቢ ንኽይንህሉ መንነትና ንምሕካኽን ባህሪያዊ ጸጋታት ሃገርና ንምብሓት፡ ብድኽነት ዲሂኾም ከምበርክኹና ንብዙሕ ዓመታት ዝተቓለሱና ዓበይቲ ሃገራርት፡ ብፍላይ መንግስቲ እሜርካ ከም ገበርቲ ሰናይ ቆጺርካ ኤርታ ኣቆናጺብካ ኣምላኽ ኣሜርካ ይባርከ ዝብል መንፈስ ምእማን ብቁራስ እንጀራ ታሪኽ ጀጋኑ ዝሓለፉን ዘለዉን ዎሎዶታት ምኽሓድ እዩ። ኣሜርካ ኣምላኽ ኣይባርካ ኣይኮንኩል ዝብል ዘሎኹ። ወሽለ በረኸት ኣምላኽ ተቐቢላ ካብ ኩሉ ኣረሜናዊ ተግባራት ትቑጠብ ዓለም ሰላም ክትረክብ። እተን ዓለም ክትናወጽ ድኻታት ሃግገራት ክብደላ ዝገብራ ዘለዋ ሃገራት'ውን ኮምኡ።

ሰባት ካብ ሓንቲ ሃገር ናብ ካልእ ከይዶም ክሰርሑ ከነብሩ ባህርያዊ እዩ። ምምስጋን'ውን ንቡር እዩ። ግን ብዋጋ መንነትካን ክብሪ ታሪኽካን ባህልኻን ዝሽየጥ ወይ ዝልወጥ ኣይኮነን። ገለ ሰንኮፋት ምስ ጉልበቶምን ፍልጠቶምን ዓቕሞምን ሙሉእ ጥዕና ከለዉም፡ ሃገርናን መንግስትናን ኣጸሊሞም ብምጽወታ ይነብሩ፡፡ ምርጭኦም ስለ ዝኾነ ዝበሃል ነገር የለን። ገለ ከኣ ጉልበቶምን ፍልጠቶምን ኣፍሲሶም ሰርሖም ዝኣትዉ፡ ኣብታ ዝነብሩላ ሃገር ዓቢ ቁጠባዊ ኣበርክቶ እናገበሩ ከለዉ ነቲ ሓቀኛ ታሪኽ ሃገሮም ኣብ ክንዲ ዝኾርዑሉ፡ ኣምላኽ 'ኣሜርካ ይባርኽልና' ኢሎም ኣበርክትኦም ዋጋቢስ ይገብሩዎ። ከምቲ ዝበልኩዎ ኣምላኽ ይባርኽ ክትብል ጽቡቕዩ።

እዘን ንዓለምና ብርሃጽን ጉልበትን ፍልጠትን ካልኦት ኣህዝብ ብሃብቲ ዘቕቢበን ኣብ ፈቆዶ ሃገራት ምትእትታው እናገበራ ሰላም ዝዘርጋ ዘለዋ፡ ንሳተን እየን ስለ እቲ ዝምዝምዝኦ ዘለዋ ፍልጠትን ጉልበትም ኣምላኽ ይባርኽኩም ክብላ ዝግብኤን። ንኣብነት ኣሜርካ ምስ እንወስድ ብዘይ ጉልበትን ክእለትን ሜክሲካውያን ስደተኛታት ተደሪራ ኣይምሓደረትን። እዚ ኩሉ ኣፍራዱ ሓይሊ ኣብ ኣሜርካ ተሰዲዱ ገለ ድማ ግዜያዊ ፍቓድ ስራሕ ተዋሂቡዎ ብፍልጠቱን ክእለቱን ቁሩብ እናተኸፍለ ብሚልዮናት ዝቑጸር ሃብቲ ዘበርክት ዘሎ። ብእንግድዓኻ ዘሎ ከይረኤኻ ብኣፍካ ዝኣቱ ጠሚትካ ሃገርካ ክትረግም ነዘን ምስጋና ዘይህባ መዝመዝቲ ኣምላኽ ይባርከን ክትብል ንታሪኻን መንነትካን ኣብ ጎዱፍ ምቕባር እዩ። ኤርትራዊ ተበዲሉ ከሎና በደሉ ሓቢኡ ምስ በደልቱ ሰላም ክነብር ኣይከኣልን። ዝተበደሎ ታሪኽ ንበደልቱ ኣፍሊጢ ኣብ ሕሉፍ ከምዘይነብር ንቅድሚት ከም ዝጥምት ክትርኽ ኣለዎ።

ነዚ ንምግባር ብፍላይ እሜሪካ ኣብ ልዕለና ዝፈጸመቶ ገበን ኣብ ጽልኢ ንምምባር ዘይኮነ ታሪኽና ብዘይ ጎዶሎ ክንፈልጦን ከነውርሶን ይግባእ። ብሓፈሽኡ ንምጥቕላል ድኽነትን ስእነት ጸጥታን ሳልሳይ ዓለም ብፍላይ ውጺኢት ምዕራባውያን መንግስታት ምኳኑ ዘይፈልጥ እንተሎ ነብሱ ዘይፈልጥ ጥራሕ እዩ። መንግስትና ምስ ኣሜርካ ክሰማማዕ ኣለዎ እናተባህለ ከም ዘይደላዩ ሰላም ዝዝረብ ሓላፍነት ዝጎደሎ ዘረባታት ኣሎ። ሰላም ጸረሰላም ዝነበሩ ነገራት ዘርዚርካ ብክልቲኡ ወገን ምስ ዝዝረበሉን ዝእመነሉን ጥራሕዩ ዝርከብ። ሓይልን ታህዲድን ሰላም ኣየምጽእን።

ነዚኣ ጽሕፍቲ ከጽሕፍ ዝገበረኒ ብዙሓት ሰባት መንግስቲ ኤርትራ እንታይ ጌሩልና፡ ኣምላኽ ኣሜርካ ይባርኽልና （God Bless America） ክብሉ ስለ ዝሰምዕ እየ።

ታሪኽና ክብረትና።
ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር
ጥሪ 20， 2021